ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

# UNION OF TIGREANS IN NORTH AMERICA (UTNA)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 862-4367
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

## ብምኽንያት መበል 45 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ በዓል 11 ለካቲት ኣመልኪቱ ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተውሃበ መግለፂ

11 ለካቲት ንህዝቢ ትግራይ ፍሉይ ትርጉም ዘለዋ መዓልቲ እያ። ህዝቢ ትግራይ ንዘበናት ይበፅሖ ዝነበረ ደርባዊ ዕብለላን ብሄራዊ መፅቀጥቲ ክናገፍ፣ ወፅዓ ዝወለዶ ክርፋሕ መናባብሮ ክማሓየሽ፥ ጨቋኒ ስርዓት ኣፍሪሱ ሓዱሽ ስርዓት ክሃንፅ ተወዲቡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከካይድ ወሸን ኢሉ ኣብ በረኻ ደደቢት ናይ መጀመሪያ ርችት ሓርነት ኣብ ወርሒ ለካቲት ተኩሱ። ድሕሪ መስተንክራዊ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ድማ ዓወት ናይ ግድን ኮይኑ 11 ለካቲት ድማ ብርሃን ውፅዓት መዘከርታ ፍረ ቃልስን ዓወትን ህዝቢ ትግራይ ኮይና በብዓመቱ ብኽብሪ ትበዓል።

ሎሚ ዘበን እነኽብሮ በዓል 11 ለካቲት ፍሉይ ዝገብሮ ናይ ባዕሉ ፍሉይ መለለይ መድረኽ ሒዙ ዝመፀ ስለ ዝኾነ እዩ። ኣብ መብዛሕቱ ክፋል ሃገርና ሕገ መንግስቲ ዘይኽበረሉ፥ ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊን መሰል ህዝብታት ብግልፂ ዝጠሓሰሉ፣ ሕገ-መንግስታዊን ፌደራላዊን ስርዓት ኣብ ሓደጋ ዝወደቐሉ ኩነታት ስለ ዘለና ናይ ባዕሉ መለለይ ዝሓዘ መድረኽ ይገብሮ። ትምክሕቲን ዳግማይ ደርጋዊያን ናይ ህዝቢ ትግራይ ናይ ቃልሲ ወነን ታሪኽን ክድምስሱ፥ ዘየለ ነበረያ ነበረ ፈጢሮም ናይ ህዝቢ ትግራይ

ስነ ልቦና ክሰልቡ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብሉሉ እዋን ኢና ዘለና። ብተወሳኺ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ብስም ውህደት ዝነበረ ግንባር ኣፍሪሱ "ብልፅግና ፓርቲ" ዝብል ሓዱሽ ዘይሕጋዊ ውዳበ መስሪቱ ስርዓት ብዘይተኸተለ መንገዲ ንገዛኢ ውድብ ንኢህወደግ ተኪኡ ዝሰርሓሉ መድርኽ ተፈጢሩ ኣሎ።

ብኣንፃሩ ናይ ሎሚ ዘበን ለካቲት እንትንኽብር ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕ ውድብ ህወሓትን ብብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ኣቢሉ ናይ ክልሉ ሳላም ክሕሎን ኣብዚ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ፅንኩር ኩንታት ክልወጥ ሓላፍነት ተሸኪሙ ብዙሕ ስራሕ ዝሰረሐሉ ካሊእ ሓዱሽ መደረኽ ይፍጠር ኣሎ። ንመበል ካልኣይ ጊዜ "ምድሓን ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራሊዝምን ሕገ-መንግትን" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ዝተፍላለዩ ሓይልታት ዘሳተፈ ፎርም ዝፈጠሮ ወነ ዛጊድ ህዝቢ ንምድሓን ኣብ ዝግበር ቃልሲ ተስፋ ኣብ ዝህብን ውፅኢት ዘለዎ ኩንታት ኮይና ኢና ናይ ሎሚዘበን ለካቲት ክነኽብሮ እንዳለው ዘለና።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ማሕበር ተጋሩ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ 'ውን ሒዝዎ ዝመፀ ናይ ህዝብና ሕቶ ዝምልስ ስርዓት ኣብ ሓደጋ ምውዳቑ ተረዲኡ፥ ኣባላቱን ደገፍቱን ኣተሓባቢሩ ህዝባዊ ውግንና ሒዙ ልእኽቶ ክፍፅም መተካእታ ዘይብሉ ደገፍ እንገብረሉ እዋን ኮይና ኢና ናይ ሎሚ ዘበን በዓል 11 ለካቲት ነኽብሮ ዘለና።

ናይ ሎሚ ለካቲት እንትነኽብር ተፈጢሩ ዘሎ መስግኢ ኩንታት ተረዲእና፣ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ንመኽተን ዓወትን ክንዳሎ ይግባእ። እዋኑ ፅንዓትን ሓድነትን ተጋሩ ተጠናኺሩ ዝወፀሉ ጊዜ እዩ። ከምኡ 'ውን ቀፃልይ መደብ ንምዕዋት መንግስትን ህዝብን ትግራይ ዝፅበዮ ኩሉ ንምግባር ቃል ንኣትወሉ በዓል 11 ለካቲት ምኳኑ ንግንዘብ። ህዝቢ ትግራይ ርእሱ ከድንን ዝግበር ዘሎ ሸርሒታት ኣፍሺሉ ናብ ዘይተርፍ ዳግማዊ ዓወት መሰስ ክብል፣ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና እጃምና ክንፍፅም

ቃል ንኣትወሉ በዓል 11 ለካቲት  ከም ዝኸውን ኣይንጠራጠርን።

ኣብ መውዳእታ ብምኽንያት ናይ ሎሚዘበን በዓል 11 ለካቲት ህዝብና ነዚ ዘለናዮ መድረኽ ዝምጥን ቐፃሊ ምልዕዓል እንገብረሉ መድረኽ ክኾን ይግባእ ዝብል እምነት ኣለና። ህዝቢ ክነቅሕን ክውደብን ናይ ገንዝብን ማተርያልን ዓቕሚ ደገፍ ንምግባር ዝካየድ ምንቅስቓስ ክዕወት ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባር ናይ ሎሚዘበን በዓል ለካቲት 11 ብውነ ክንጥቀመሉ ይግባእ።

በዓል 11 ለካቲት ብድምቀት ንምኽባር ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ከባቢኡ ኣብ ዝኽበር መድረኽ ተረኺቡ ኣካል እዚ ታሪኻዊ በዓል ኮይኑ ክዋሳእን ግቡኡ ክፍፅምን ማሕበርና በዚ ኣጋጣሚ ብኽብሪ ይፅውዕ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንጀጋኑ ስውኣትና!

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

ዋሽንግተን ዲሲ

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት
ዋሽንግተን ዲሲ